22130667

International Baccalaureate®
Baccalauréat International
Bachillerato Internacional

**TIGRINYA A: LITERATURE – STANDARD LEVEL – PAPER 1**
**TIGRIGNA A : LITTÉRATURE – NIVEAU MOYEN – ÉPREUVE 1**
**TIGRIÑA A: LITERATURA – NIVEL MEDIO – PRUEBA 1**

Wednesday 8 May 2013 (morning)
Mercredi 8 mai 2013 (matin)
Miércoles 8 de mayo de 2013 (mañana)

1 hour 30 minutes / 1 heure 30 minutes / 1 hora 30 minutos

INSTRUCTIONS TO CANDIDATES

- Do not open this examination paper until instructed to do so.
- Write a guided literary analysis on one passage only. In your answer you must address both of the guiding questions provided.
- The maximum mark for this examination paper is *[20 marks]*.

INSTRUCTIONS DESTINÉES AUX CANDIDATS

- N'ouvrez pas cette épreuve avant d'y être autorisé(e).
- Rédigez une analyse littéraire dirigée d'un seul des passages. Les deux questions d'orientation fournies doivent être traitées dans votre réponse.
- Le nombre maximum de points pour cette épreuve d'examen est *[20 points]*.

INSTRUCCIONES PARA LOS ALUMNOS

- No abra esta prueba hasta que se lo autoricen.
- Escriba un análisis literario guiado sobre un solo pasaje. Debe abordar las dos preguntas de orientación en su respuesta.
- La puntuación máxima para esta prueba de examen es *[20 puntos]*.





© International Baccalaureate Organization 2013

https://xtremepape.rs/

*ነቲ ሓደ ሊጣ ፅሑፍ ጥራሕ፥ ስነፅሑፋዊ ትንታነ ሃበሉ/ሃብሉ።*

**1.**

ኣብ ሰማያት ቑሸት እንባሹም ደስኪሉ ዝናብ ክወቅዕ ዝኽእል ደበና ወይከ የለን። ኣብክንዲ ደበና ብቆርበትካ ዘቃፅል ፀሓይ ተተኪኡ መጠን ዋዒ እቲ ከባቢ ልዕሊ ኣርብዓ ድግሪ ሰልሽስ በፅሑ ይረአ። እቶም እንተላማት ዝሕፈሶም ዝነበሩ ግራውቲ ቃዲሮም መፀንደሪ መናቲልን ቦኺሩን ንምኺን ተገደደ። እቶም ነታ ቑሸት ማዕርግ ዝኾንዋ ሓምለዎት ኣግራብ ቆፅሎም ረጊፉ ጉንዶም ጥራሕ እንትተርፍ፣ እንስሳታት ብጥምየትን ፅምእን ኣብዝሓለፍካዮም ሬሶኦም ተዛሕዚሑ ነቲ ከባቢ ብሕማኽ ጨና በከልዎ። እዚ ኩሉ ዕንወት እንትበፅሕ እቲ ካብግዘ ናብ ግዘ እናገደደ ዝኸድ ዘሎ መስካሕክሒ ሓሪ መበገሲኡ እንታይ ምኽኑን መዓዝ ከምዘብቅዕን ግና ዝፍለጥ ጉዳይ የለን።

ነባሪ እታ ቑሸት ኣብ ቆፍኡ ዝነበረ ቀለብ ካብ ዝውድእ ኣዋርሕ ሓለፎም። ዘለዎ መማረፂ ልክዕ ከም እንስሳታቱ ንዘልኣለም ክሓልፍ ዕለተሞቱ ምፅባይ ጥራሕ'ዩ። ኣዴታት ብሕሱም ጥሜት ዝማሰኑ ደቀን ተሰኪመን ኣብራኸን ክሳብ ዝለሓፅ እናተፋሕኺ ፈጣሪኣን ማይ ከዝንበለን ይምህለላ። ኣቦታት ብግዲኦም በቲ ዘኣነፈ ሓሪ እንታይ ክብሉ ከምዝግበኦም ሓቢሮም ይዝትዩ።

“እዚ ቁጥዐ ፈጣሪ'ዩ ንፈጣሪ ዘቐይም ወይ ከቐይም ዝህቅን ሰብ ክህሉ ይኽእል እዩ'ምበር ልዑል ፈጣሪ ነዛ ቅብእቲ ቑሸት ከምዚ ዝበለ መዕነዊ ሓደጋ ኣይመውረደላን። ስለዚ ኩላትና ንፀሊ። ካብመንጎና ንፈጣሪ ዘቐየመ እንተሃልዩ ብኞልጡፍ ንስሃ ይእቶ” ካብምባል ሓሊፎም ነቲ ብተደጋጋሚ ዘጋጥም ዘሎ ሓሪ ምኽንያቱ ክፈልጡ ኣይካኣሉን።

ሓበንን በዓልቲ ቤቱ ትብለፅን ኣብ ቅድሚ እቶም ብጥሜት ዝሞቱ እንስሳታቶም ኮይኖም ብሓዘን ተዋሒጦም ሰማይ ይጥምቱ።

“ኣየይ …! ኣታ ፈጣሪ እንታይ ዘበደልናዮ ሃልዩ'ዩ እዚ ኹሉ መዓት? ክምዚ ዝበለ ደልሃመት ዝመልኦ ናብራ መዓዝኮን'ዩ ዘብቅዕ? ትብለፀይ'ዞም ደቅና ዓይንና እናራኣየ ቀዲሞምና ክፍለዩ?” በለ ሓበን እቶም ዝጎድጎዱ ኣዒንቱ ንብዓት ቋፂሮም።

“ኣነ'ውን ከማኻ እንታይ ክገብር ከምንኽእል ሓርቢቱኒ'ዩ ዘሎ። ምናልባሽ መፃንሒ ትንፋስ እንተኾኖም ሓመድ ጥሒነ ከስትዮም ማይ ዝበሃልድኣ የለን'ምበር” በለት ንብዓታ ብኽልቲኡ ምዕጉርታ እናዝረብረበ።

“ብስሩ'ኽ ክሳብ መዓዝ'ና ኣብከምዚ ዝበለ ሃዋህው ክንነብር?” በለ ነቲ ዓፅሚ ጥራሕ ዝተረፈ ቦኽሪ ወዱ ሓቑፉ።

ትብለፅ ኣብቲ ቑሸት ድሓን ቀለብ ዓቍሮም ናብ ዝበሃሉ እንዳ ሃፋትም ብምኻድ ነቶም ምጉዱራት ደቃ ዝኸውን ገለ ዝብላዕ ክትልምን ተበገሰት። ገዛ እንዳ ሃፋትም ድሓን ከምዝኾነ ካብ ርሑኞ ብጨንኡ የፍልጥ። ካብኣቶም መዕረፊ ልቢ ዝኸውን ሒዛ ከምትምለስ ከዓ ምሉእ ብምሉእ ኣመነት። ናብቲ ገዛ ብዝተፀገዐት ቁፅሪ ክልቢ ሃፋትም ብድውላ ክውሕጣ በለ። ብብርቱዕ ድምፂ ከልቢ ዝሰንበዱ ሰብ ገዛ እንታይ ከምዝተፈጠረ ንምፍላጥ ማዕፆ ከፊቶም ወፁ። ፈለማ ነታ ክዳውንታ ዝተቐደደ፣ ኣካላታ ዝማሰነ ትብለፅ ዝረኣየት ብዓልቲ ገዛ ክትልምን ከምዝመፀት ንምርዳእ ኣየፀገመላን። ዕላማኣ ስለዝተረደኣ ድማ ገና ከይሓተተታ ገፃ ክስመት ተኸደነ።

“እሀ ትብለፅ እንታይድኣ ደሊኺ?” በለት ንዕቐት ብዝተሓወሶ ኣዘራርባ።

“በጃኺ ለታይ ሓፍተይ ወደይ ህይወቱ ክትሓልፍ ቁሩብ ተሪፍዎ ተለኽተለኽ ትብላ፣ ጓለይ ድማ ብሰንኪ ጥሜት ክትዛረብ ኣብዘይትክእለሉ ብርኪ በፂሓ፥ ኣፋ ተዓቢሱ ይርከብ። ስለዚ ስለፈጣሪ ንደቀይ ዋሕስ ኩንዮም፣ ነታ ኣብ ኣስጋኢ ኩነታት ዘላ እስትንፋስ ደቀይ ዓኞሚ ክህልዋ ግበሪ፣ ሓሞኺ ንሎማዓንቲ ጥራሕ ኢደይ ከይትሰድኒ” ክትብል ዝሕንዝሕ እናነብዐት ለመነታ።



https://xtremepape.rs/

"ኣይ … ይ … እዚ ኮነ ኢልኪ ዝፈሓስክዮ ተንኮል'ዩ። ኩሉ ወዲ ኣዳም ገዝኡ እንተዝፍተሽ ብዙሕ ጉድ ምተረኽቦ ነይሩ። ኣብ ቆፎታቱ ኮናትል መሊኡ ንኽይውደኦ ካብ ካልእ ይልምን። ንስኺ ድማ ስኢንኪ ዘይኮነስ ክትዓቑሪ ስለዝደለኺ'ዩ። እንተኾነ ከምቲ ንስኺ እናሃለወኪ ኣብለይን ትብሊ ዘለኺ ንሕናውን የብልናን ብሓፂሩ ይርዳእኺ" በለት ጭካነ ብዝተመልኦ ኣዘራርባ።

ትብለፅ ንዓቐብ እንተጠመተት ሰማይ ንቑልቑል እንተረኣየት ድማ ሓመድ'ምበር ንኽርሲ እቶም ኣብ ፃዕረ ሞት ዘለዉ ደቃ ከተርክስ ዝኽእል ኩልስቲ ዝተኸኡበላ ሰኣነት። በዓል ገዝኣ ንጓሉ ሓቖኑ ነቲ ጣይታ ዝብል ዘሎ ወዱ እናጠበረ ፀንሐ። ህፃን ኣዲኡ ምስረኣየ ጣይታ እናበለ ብሃንቀውታ ተቀበለ።

"ኣህ ትብለፀይ ኣይረኸብክን ግዲ?" በለ ሓበን ከምዘይኮነላ ካብ ገፃ ኣንቢቡ እናተረደአ።

"ኣየ ሓበነይ ኣይረኸብኩን ••• " ኢላ ተደፊኣ ነብዐት።

"በቃ ኣይትብከዪ ሱቕ ኢልኪ ኢኺ ዝኸድኪ'ምበር ኣሸንኳይዶ ዘበን ከፊኡስ ዘበን ብፅቡቑ'ውን ኣበይ ሽራፍ ሞሊቑዎም ይፈልጥ፤ ኣይ ኣኼስ እንድዩም።" ክብል ኣደራርዓ ብጓሂ ጣዕ ክብል ኢሉ።

[…]

ሓደ እዋን ዝመፀ ይምፃእ ኢሎም ከውታ ለይቲ ክጓዓዙ ንትብለፅ ተዳለዊ በላ። እንዳ ሓበን ናበይ ከምዝኸዱ ኣይፈልጡን። ናብከተማ ከይኸዱ ከተማ'ውን ሓሪ ኣጥቂዕዎ'ዩ። ናብ ሰብ ዘይብሉ ርሑቕ ገፀር ከይኸዱ ድማ ቦታ ዝፈልጥዎ ንፁር ሓበሬታ የብሎምን። ቅድሚሎሚ ካብዓዶም ጠፊኦም ዝኸዱ ሰባት ኣብዘይፈልጥዎ ዓዲ ከይዶም ኣደዳ ሕማም፥ ሽፋቱ፥ ኣራዊትን ክምዝኾኑ ይሰምዑ ነይሮም'ዮም። ይኹን'ምበር ካብቲ ዘሎ ጥምየትን ሓሪን ዘናግፍ መማረፂ ስለዘይነበሮም እግሮም ናብዘምረሖም ጉዕዞ ጀመሩ።

ድሕሪ ነዊሕ መህልከታይ ጉዕዞ፥ በዓል ሓበን ኣብሓደ ከባቢ በፅሑ። እቲ ካባቢ ሰብ ምርኣይ ዝጀመረ ብእንዳ ሓበን ይመስል፤ ዕሙር ኣግራብ ዝበዝሖ፥ መቦቆል ኩሎም ገረባትን ፍራምረን። ካብ ሓመድን እምንን ዝመልኦ ናብ ሓምለዋይ ከባቢ እንትመፁ ናብ ምድራዊ ስፍራ እንተይኮነስ ናብ ገነት ዝኣተዉ መሰሎም። እቲ ከባቢ ዓመት ምሉእ ዝናብ ዝረክብን ልሙዕ መሬት ዘለዎን ምዃኑ ካብቲ ዝሰረበ ደበናን ጨና ኣፍላጋትን ትርዳእ። ሰማይ እቲ ከባቢ ከም ሰማይ እምባሹም ጨካንን ጠማዕን ኣይኮነን፤ የግዳስ ኣዝመራ ዝፈሰሉን ቦቕቧቕን ቅቡእን'ዩ። ካብቲ ብዘይምቁራፅ ዘውሕዞ ገፀበረከት ንላዕሊ ብተፈጥሮ ህድያት ወቂቡ ንዓይኒ ይማርኽ። በዓል ሓበን ከምዚ ዝበለ ሰማይ ሪኦም ስለዘይፈልጡ ብምግራም ኣንቃዕሪሮም ናብቲ ቅቡእ ሰማይ ይጥምቱ።

*ብፀጋይ በርሀ፡ ቅቡእ ሰማይ* (2002)

(a) ቴማ እዚ ሓፂርልብወለድ ብሓፂሩ ግለፅ።

(b) ደራሲ ንድርሰቱ መማዕበሊ ዝተጠቐመሎም ዓይነታት ዘይቤን (ንኣብነት፥ መነፃፀሪ፥ ለዋጢ፥ ሰባይን ካልኦት) ፈሊኻ ኣውፅእ።



https://xtremepape.rs/

**2.**

## ብብርሃነ ኪሮስ

ኣብ መረባ ተነስኒሱ ሰቲ
ትቐሪቡ ስዋ ምስ ሕብስቲ

ኣቦታት እናነስነሱ ጭራ
ቅያ ሃገር ከውግዑ ብተራ

እኖታት ቡነን እናሰተያ
ብፍኞሪ ብስኒት ክዝትያ

ካብ’ቱ ስግር ኣጓብዝ በፅሕታት
ክዋዘዩ በዒንቶም ምስ ጎርዞታት

ኣብ ጎላጉል ሜዳ ቆልዑ
ክፃወቱ ቃርሳ እናቐልዑ

ኣየ’ወ ሓሊፉ ጥዑም ዘበን
ዋግኡ ብወርቂ ዘይትመን

ኣምበላይ ሜስ ዝተረረ ደረኽ
ተቐሪቡ ምስ ሐኽለ መረኽ

ንሰብ ዘዛረበ ፅራይ ስዋ
ተኸቲሉ ነቱ ትኩስ ቅልዋ

ተበሊዑ ተፈሲሃ ከብዲ
ብፀሎት ክለዓል መዓዲ

ነይሩ ቐደም ’ቲ ጥዑም ናብራና
ሽበድበድ ከይኮነ ሕልፈትና

ንባሕሪ ሰጊርና ከይጠፋእና
ርሑኽ ዓዲ ጓና ከይሰፈርና።

*ካብ ምህሮ ኣእምሮ* (1998)

(a) መልእኽትን ዕላማን እዚ ግጥሚ ኣብምንታይ ዘድሀበ’ዩ? ብኣብነት እናርታዕኻ/ኺ ግለፅ/ፂ።

(b) እቲ ደራሲ ንመንበብቱ ስምዒቶምን ባህሪኦምን ንምፅላው ዝተጠቐመሎም ስነፅሑፋዊ ትሕዝቶታት ዘትይ።



https://xtremepape.rs/